# በብሓደ ሰብ ወሓደ

ነጻነት! ነዛ ነጻነትን ነጻ ንምዃንን ህዝቢ ኤርትራ ኻብንደይ ዓመታት ከርተት ኢሉ። ምእንቲዛ ነጻነት ብዙሕ ከፊሉ። ብሉጻት ደቁ ሐደ ድሕሪታ ሐደ እናተታኻኽኡ በብዝወጽዎ ስለዛ ነጻነት ኣብ በረኻታት ኤርትራ ተሪፎም። ስለዛ ነጻነት ተሰዊኦም። ስለዚ ዋጋቶም ብሉጻት ደቒ ዘለዝኾነት፣ ነጻነት፣ ንኤርትራውያን ብዙሕ ትርጉም ክህልዋ ግድን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማዩ ነዛ ብመስዋእቲ ብሉጻት ደቁን ብመሪር ስቃይን ዘምጻአ ሃገርን ናጻነቱን ዝኾነ ዝትንከፈሉን ዋላውን ትንዕ ዝብለሉን ዘይፍቅድ።

ኣብ 1998 ወያነ ጥኞእ ኣጀንድኡ ክውን ንምግባር፣ ብዶብ ኣሳቢቡ ኵናት ምስ ኣወጀን ዶብና ምስደፈረን ህዝቢ ኤርትራ ብነድሪን ቑጥዐን ተላዒሉ። ልኡላውነት ሃገሩ ከየድፍርን፣ ዳግም ኣብ ኣርዑት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከይኣቱ፣ ትንዕ ክብል ዝኽእል ኣኸቲቱ። ዘለዎ ህያብ ኣበርኪቱ፣ ብጽንዓት ተኻላኺሉ። እቲ ኵናት ዋላኳ ብዙሕ ክሳራን መስዋእትን እንተሓተተ፣ ውጥን ጸላእትና ግን ክዕወት ኣይካኣለን። ጸላእትና ኣብ ዓውደ ውግእ ተሳዒሮም። ዳሓርንውን ኣብ መጋባእያ ሕጊ ተሳዒሮም፣ ሓፊሮም። እቲ ዶብ ኣሳቢቦም ዝኣወጅዎ ኲናት ሽፋን ምንባሩን ንህዝቢ ኤርትራ ንምብርካኽን ኮምዝነበረ ብሩህ እንዳኾነ መጺኡ። ክምኡ ምዃኑ ነቲ መጨረሻን ቀያድን ኢሎም ዝፈረመሉ ውዕል ንምቕባሉ ዕጥይጥይ ክብል ምስተራእዩ ብዝያዳ ኻኹሉ ብሩህ ኮይኑ። ጎይተቶም ዝሃንደስሎም ምስምስ እናተቀበሉ ኣብ ክንዲ ነቲ ብይን ምትግባሩ ኮለል ክብሉ መሪጾም። ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ከይሃንጽን ኣመት ሓርነቱ ከይገብርን ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኖሞ። ቅሳነት ከሊኣሞ። ምስ ጎይተቶም ብምምሽጣርን፣ ከምኡውን ውሑዳት ብዓቕሞም ንህ.ግ ከምበርክኽዎ ዘይካኣሉ፣ ዘረግቲ ኣውፊሮም፣ ውራይ ገዛና ከይንገብር ስንፍላል ክገብሩና ጎይተቶም ዘዝሃብዎም ምኽሪ ንምትግባራ ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ጸኒሖምን ኣለው።

ኩሎም ጸላእትና ኤርትራ ብደም ደቒ ዝጠጠዐት፣ ዘቖመቶ መንግስቲ ሐድጊ ደቒ ስለዝኾነ፣ መንግስትን ህዝቢን ዘይነጻጸሉ ሐደ ኣካል ምኻኖም፣ ኮታ ህ.ግ ምስ ህላዌናን መንነትናን እነተኣሳስራ ንሕናን ንሶምን፣ ኣቲን እዚን ዘይንበሃህለላ፣ ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ናቕፋ ምዃና ኣንዳዕዲያም ይፈልጦ ኢዮም። ከምኡ ሰልዝኾነ እንተተኻኢሉ ንህ.ግ ምጥፋእ፣ ብዝወሐደ ድማ ብንሶም ዝደልይዎን ዝጥዕሞምን ምንብርካኻ ቅድምዮም ዝሰርዕዎ። ሻዕብያ ምጥፋእ፣ መትንታት ደምና ምብታኻዩሞ፣ ብቐሊሉ ንህዝቢ ኤርትራ ምብርኻኽ ስለዝኾነ። ግን ከምቲ ዝሓሰብዎ ንሻዓብያ ከጥፍእዋ ኣይካኣሉን። ብዓብዪኡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይንበርከኽዎን፣ ኣይሰዓርዎን። ከምቲ ዝሓሰብዎ ኣስመራ ኣቲዮም፣ እዚዩ ስራሕና ክብሉ ዝሃንደስዎ ውጥን ኣይሰለጦምን። ሕጂውን ገና እንተቾነለይ ብዝብል ዘይጭበጥ ትምኒት፣ ምስቶም ናይ ግዳም መሻርኽቶም ኢድን ጓንትን ብምዃን ኢርትራውነትና ንምህሳስ ለይትን መዓልትን ብዘይ ዕርፍቲ ይጽዕሩ ኣለው።

ነዚ ዝተገንዘበ መንግስቲ ኤርትራ ከም ወትሩ ዓቕሙ ብምውዳብን ብምትዕጽጻፍን ይሰርሕን ይብድሆምን ኣሎ። ስለዝኾነ ወያነ ኩሉ ዝህንድሶ ሽርሕን ጉርሕን ሳልቲ ጽኑዕ ህዝብ በብዝመጾ ክብርዕን ኢዩ። ሕጂ ወያነ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ብውሽጣውን ግዳማውን ቅልውላዋት ክሕመስ ይረኤ ኣሎ። ኻኹሉ እቲ ኣጋጥሞዎ

*ዘሎ ባዕሉ ዝፈጠሮ ወጥሪን ጸገማት ንኤርትራ እንዳወንጀለን እንዳአጸለመን፡ ዘይተአደነ ሐገዝ ብምርካብ ክሳብ ሕጂ ትልኽ ክብል ጽኒሑ። ሕጂ ግን እታ ንኤርትራ ዝተዳለወት ናይ ተንኮል ፍሕሶ አብ ክሳዶም ተጠናኒጋ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ዝያዳ እንዳተሸምቀቐትን ክትጸብብን ንርኢ አሎና። ዘይተርፍ ክትሓንቖም ምዃና ስለ ዝተጋህደሎም፡ ንኤርትራ ምስታ ንርዱእ ምኽንያታት አፈኛኦም ኮይና ዘላ ጃንዳይ ፍሬዘር ተማሳጢሮም ኩሉ ምኽአል ምሰአበዮም እንተሰሊጥዎምስ ያአዱ መዋጽኢ ዝኾኖም ምህዞ ንኤርትራ ምስ ፈጠርቲ ግብረሽበራ ክሰርዕዋ፡ ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ጸኒሖምን አለውን። እዚ ብጀካቶም ንርዱእ ምኽንያታት ረብሓኦም ዘቐድሙ ገዲፍካ ብቐልሊል ዘረኤ ጸለመ ሰለዘይኮነን ህዝቢን መንግስትን ብዝገብርዎ ጻዕሪ ሃፊፉ ክተርፍ ምዃኑን፡ ብርግጽ ኤርትራ ተዓዊታ ከምትወጽእን ዘጠራጥር የብሉን።*

## ***<u>ሎናት፡ ክፉት ምርጫ ወያነ ስለዘሎ!</u>***

*ኀኒንኀኒ ምስዚ ካብ ዓለም ንምንጻልና ዝግበር ጸለመ፡ እቲ ዝኸፈኤ ወያነ ሕጂውን ንሎናት ትንዕ ይብል አሎ። ዝኸፍኤ፡ ሎናት ሰብ ስለዝቕለብን፡ ሃገር ስለዘዐኑን ቁጠባ ሃገር ስለዘባኽንን ኢዩ። እወ ሎናት ሕማቕ ኢዩ። እንተኾነ ወያነ ነቲ ዓለም ዝበየኖ ብይን ምቕባል ዕጭ ሐንፈፍኩ ኢሉ፡ አብዩ። ልእላውነት ሃገርና ጊሂሱ ክንሱ ተሰልቢጡ ሎናት እንተወሊዑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንልእላውነት ሃገሩ ንምክልኻልን ንዝኾነ እንተታት ድልዊ ክኸውንን፡ ንዝኸፍኣ ክዳሎን እምበር ወያነ ኮነ ኢሉ ስለዝሐንገደ ካልእ አማራጺታት ዘሎ አይመስለንን።*

*ወያነ ሎናት ጠቕሚ ከምዘይብሉ ተገንዚቦም ሰላም እንትዝመርጹ ዝብለጸ ኢዩ። እንተኾነ ወያነ ዝእዝዝዎ እእምሮ ስለዘይብሎም፡ ንኀይተቶም ከሓጉሱ ከምቲ አብ ሶማል ዝገበርዎ ዝተላእክዎ ከተግብሩ ድሕር ከምዘይብሉ እኹል አብነት አሎና። ስለዚ ንዝኾነ ክንዳሎን መንግስቲ ንህዝብ ከባራብሮን፡ ክውድቦን ክጥርንፎን፡ ከኽትቶን ግዴታዊ ሓላፍነቱ ኢዩ። እቲ ስራሕ ውዕል ሕድር ስለዘይህብዩ፡ ድሮ ተጀሚሩ እነሆ።*

## ***<u>ኤርትራ ብጀካ ህዝባ ካልእ ዝከላኸለላ የለን</u>***

*እወ መንግስቲ ህዝቡ ከባራብሮን ክጥርንፎን ግድን ኢዩ። ምኽንያቱ ኤርትራ ብጀካ ህዝባ ካልእ ዘድሕናን ዝጣበቐላን ከምዘየብላ ተደጋጋሚ አብ ታሪኽ ዝተራእየ ሰለዝኾነ። ብልክዕ ኣዚ ምባል ፖለቲካዊ ሽሕጣን ዝመስሎምን፡ እልኹ ጽልኦም አልዒሎም ሐደ ልቢ ህዝቢ ክኸፋፍሉን፡ ሐድነትና ክዝርጉን ዝደልዩ አለዉ። እዚኦም ብብዙሕ መልክዕ ዝግለጹን ዝልለዩን እኳ እንተኾኑ፡ እቶም ዕሉላት ጸላእቲ ገዲፍካ ፈተውቲ መሲሎም ዘደናግሩናን ዘህምሉናን ከይህሉዉ ግን ልዑል ጥንቃቐን ብስለትን ከድልየና ኢዩ። ሰባት ኩሉ ስለዞኾኑ፡ ካብ ሰባት ክንጥንቀቕ ከድልየና ኢዩ። ከም ዓለቕቲ አብ ውሽጥና ተጽፍዮም ናይ ባሓቂ ሃገራውያን ዝመስሉን፡ በቲ ሓደ በቲ ካልእ ድማ ብጀከኦም ንሃገር ዝሐሊ ከምዘየሎ አምሲሎም ንሶም መንግስቲ ንሶም ሃገር፡ ኮታ ኩሉ ንሶም ገይሮም ንነብሶም ዘቐዲሙ፡ ብግብሪ ግን ረብሓኦም ዝዓጠም ወይ ስሱዓት አለው። እዚኦም ውልቃዊ ጠቕሞም ዘቐድሙን ክሳብ ዝደልዎም ኀኻልኦት እንዳዋሰኑን፡ እንዳገለፉን ክነብሩ ዝደልዩ፡ ምዃኖም ምግንዛብ ከድልየና ኢዩ። እዚ ብስሩ ሐደግኛ ዝኾነ ተርእዮ አብዝተፈላለየ መድረኻት*

ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ክርኤ ዝጸንሓ ተርእዮ ሕጂውን ክቀላቐል ንርእዮ ኣሎና። በቲ ሐደ ሐድነትና ኣገዳሲዩ እንዳበልና በቲ ካልእ ሰባት ከነናሹን ክንውግደን፡ ክንሰጉጉን ዓገብ ኢዩ።

## ሓድነትና ሕጂውን ወሳነዩ

ብፈጣሪኹም ውልቀሰባትውን ኣገዳሲቲ ኣይኮኑን ክይትብሉና። ጸላእትና ኣንተ ብውልቂ፡ እንተስ ብጉጅለ፡ እንተስ ብእንዳ፡ እንተስ ብቢሄር፡ እንተስ ብአውራጃ፡ እንተስ ብሃይማኖት ከም ሃዳንይ ከልቢ ዝራአያ ዘጋሩ ፋሕጭንግራሕ ክብሉና ብዝካአሎም ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ንዕዘብ ኣሎና። ወልቀሰባት ተአኪቦም ጉጅለ፡ ጉጅለታት ዓዲ/ቁሸት፡ ቁሽታት/ዓድታት ወረዳ፡ ወረዳታት ዞባ፡ ዞባታት ሃገር የቑማ። ብመንጽር ስድራ እንተተመልከትና ክልተ መጻምድቲ ውልቀሰባትዮም ስድራቤት ዝኮኑ፡ ናብዓዲ፡ ናብ ወረዳ፡ ናብ ዞባ ናብ ሃገር ዝቆሙ። ስለዚ ስለምንታይድአ ዋላውን እቲ ውልቀሰብ ንብሎ ሕማቕ ሓውና ከነናአእሶ ንደሊ። "ሕማቕ ኤርትራውን ሕማቕ ሐጺንን የለን" ዝብል ብሁል ዝራዓምናዮ ንመስል። እዚ እንተድአ ኮይኑ ኣቲ ሐቂ፡ ምእንቲ እዛ ሃገርን ክብርናን፡ ሕማቕና ንፋዕና ከም አድራጋ ስኒ ኣብ ሓንቲ ክንስራዕን፡ ህርመት ልብና ሐደ ክኸወን፡ ይግባእ። ኣብ ሃገር መንግስቲ ከም ወላዲ እንተድአ ተወሲዱ፡ ወላዲ ንደቁ አየዳሉን ኢዩ። ውድብ ናይ ውልቀሰባት ክትከውን ትኽእልያ። ሃገር ግን ናይ ኩሉ ኢያ። ናይ ሓባር። ስለዚ ሃገር ኣብ ኵናት ተጸሚዳ እንከላ ተቃውሞን ፖለቲካዊ ፍልልያትን ክውንዘፉ ይግባእ። ምኽንያቱ ከምቲ ብሁል መሬት እንተድእ ተገልቢጣ ህበይ ኵዕንቲ ክትጸግብ ኣይትኽእልን። ወያነ ኣብ ኤርትራ እግሩ እንተድአ ኣንቢሩ ኤርትራ የላን፡ ኤርትራውያንውን ክህልዉ ኣይኮኑን። እቶም ወያነ ዘዕብይዎም ዘለዉ ዕሽላት እንተኾነ ንሕጂ ድአ ይመስሎም ይኸውን እምበር ከምቲ የውህ ሕልሞም ወያነ ስልጣን አርኪባቶም ወጸት ማለትስ ማይ ክዕሞኽ ይካአል ከም ማለትዩ። ብግዳም ተደጊፉ ዝቐውም መንግስቲ እንታይ ከምዝመስል ድማ እዚ ኣብ ዓራቕ ንርእዮ ዘሎና እኹል ይመስለኒ።

## ጭርሖና ግብራዊ እኹን

እዚ ዝሰላሰል ዝሎ ናይ ክተት ጭርሖ ከም ወትሩ ኣገዳስን እዋናውን ኢዩ። ቅድም ቀዳድም ድሕነት ሃገር። ስለዚ ብጭርሖ ዘይኮነስ ብግብሪ ክስነ ይግባእ። እንታይ ማለት ድዩ? ኩሉ ገዲፍና ሃገር ነድሕን ማለት ዶ አይኮነን? ብፖሎቲካዊ ገለጻ ድማ ዘሎና ፍልልያት፡ ኣንተሃልዩና ኣወንዚፍና መጀመርታ ሃገር ነውሕስ ማለት ይመስለኒ። እቲ መልእኽቲ ከምኡ እንተኾይኑ፡ እቲ ጻዋዒት ኹሉ ወዲ ሃገር ማለት ኣተሓሳስብኡን እምነቱን ብዘየገድስ ኤርትራዊየ ዝብልን ብግብሪ ምእንቲ ህላወ ኤርትራ ዝሰርሕን ኹሉ ኤርትራዊ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ዋላውን ነቶም ኣብ ህ.ግ.ደ.ፍ ውዱባት ዘይኮኑ ኤርትራውያንን፡ ዘሎ ፍልልያት ብዘይገድስ ማለት ክኸውን አለዎ። ስለምንታይ ዳአ ሕጂ ናብ ዘመነ 70ታትን ዘመነ 80ታትን ክንምለስ ኣባትር ነወጣውጥ ዘሎና። ብርግጽ ተግባርና ምስቲ ነበግሶ ጭርሖ ክሰማማዕዶ ኣይግባእን። ዕዉር ጽልኢን ሕዱር ቅርሕንትትን ፓሎትካዊ ድኽመትካ ምግሃድ ምርዓምን እንተዘኮይኑ ዘምጽአ ለውጢ የለን። ሎሚ እቶም ብቕርሕንቲ ዓዊሮም ኢንዳበልና ንኸሶምን ነናአእሶም ዝነበርና ሒዶት ተጻባእቲ "(ተጻባእቲ ሃገር)" ኣብ

ዓመት ሐደ ቁጽሪ እንዳወሰኹ ደኸዱ ዘለው ይመስሉ። በብሐደ ሰብ ወሓደ። አይንናዓዓቕ፣ ንዕቀትዩ ዘውድቕ። ዋላውን ሐደ ሰብ ዝውሰኹ እንተልዮም ንሶም ስለዝሐየሉን ስለዝተዓጻጸፉን ዘይኮነስ እቶም ፈተውቲ ሃገር ባሃልትን ንነብሶም ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ፍጡር ተጣበቕቲ መንግስቲ ዘጠመቕዋ፣ ብግብሪ ክኾኑ ዘይክእሉ ዕንቅፋት ብዝገብርዎ ዘለዉ ጌጋታት ከይከውን ክነስተባህለሉ ይግባእ።

## እቶም ዝብዝሑ አብኹሮም ክይህልዉ ነስተባህል

ደኸዱእምበር አበይ ከይበጽሑ! እንዳልካን እንዳናአስካን ምናልባሽውን ዘይወዓልዎን ዘይገበርዎን እንዳጥቀንካን ሰባት ምዝላፍ ነወሪ ኢዩ። አጸያፊ ኢዩ። ሰብ ክቡር ኢዩ! ንናይ ጊዝያዊ ፖለቲካዊ ረብሓ ክንብል ከከም ዝጥዕመናን ከምድላይናን ንሰባት ዘይወዓልዎን ዘይሓሰብዎን ጸለመን ጠቕነን ጊዚኡ ሓልዩ ከሕፍረናን ከነውረናን ከድንነና ኢዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነቲ መንግስቲ አበጊስዎ ዘሎ ጕስገኣስ ሃስይን ናብ ዘይድሊ አንፈት ክጥምዝዞን ይኽእል ኢዩ። ከምቲ ዝድለ ውጽኢታዊ አይከውንን ኢዩ። ዉሑዳት ብስለት ዝጎደሎም ሓንቲ ተነጊሮም ወትሩ ዝኾምስዕዋ ጊዜ ዝበልዓ ዘረባ ንሰምዕ አሎና። “ህዝባዊ ግንባርኮ ብዉሑድ ዓቕሙዩ ተቓሊሱን ነጻነት አምጺኡን ይብሉና”። ዝያዳ ኩልና ነቲ ዝሐለፈ ምረትን ቃልስን ከምዝፈልጥዎ ክምህሩና። ተወሳኺ ኩሉ ግዜ እቶም ዝዋሐዱዮም ዝቃለሱ ዝብል ብድዐ ኮኾምሱዑ ይስምዑ። ዝንቡዕ ዘረባ ካብ ዝንቡዕ አተሓሳስባ ዝነቅልዩ። ዉሑዳት ክመርሑን፣ ክጕስጕሱን አብነት ክኾኑን ጥራሕዮም ዝኽእሉ። ነቲ ንፈልጠ ክምህሩና ምፍታኖም ብዙሕ ዝገርም አይኮነን። ህ.ግ፣ ማለት ህዝቢ ኤርትራ ውሑድ ስለዝኾነዩ ነጻነት ንምምጻእ 30 ዓመታት ወሲድሉ። ምኽንያቱ ነታ ዓባይን 60 ሚልዮን ዘለዋ፣ ካብ ጸሊም አፍሪቃ እቲ ዝሐየለ ዝባሃል ገዚፍ ሰራዊት አሰሊፉ ዝነበርት ኢትዮጵያ እንዳቆርመመት ክትስዕሮ። አብ ግዜ ቃልሲ ስለዝወሓድናን ብኩራት ስለዝበዝሐን ዶይኮነትን ህ.ግ ሰብስ ይትረፍ ንእግሪን ኢድን ዓንቿ ለቂማ አቃልሳን ተቓሊሳን። እዚሞ መን ዘይፈልጠን ንመን ይጠፍኦ። ነዞም ወትሩ ንሕና ንፈልጥ ባሃልቲ ብቕልል ዝበለን ብቲ ንሶም ዝርድኦም ንምርድኦም፣ ንአብነት ሐደ ፕሮጀክት ንምዕዋት £1000 የድሊ እንተተባሂሉ። አብ ኣኼባ 1000 አኬበኛታት እንተመጹ ሐሐደ ፓውንድ ጥራሕዮም ከውጽኡ ዘለዎም። 500 እንተኾይኖም ከክልተ ፓውንድ ከውጽኡ አለዎም። 250 እንተመጺኦም አአርባዕተ ፓውንድ ከዋጽኡ ክግደዱ ኢዮም። 250 ሰባት ሕዚካ እንተድአ ተሪፍካ ተውጽዕም አሎኻ ማለትዩ። ስለዚ አየናይ ከምዝቐልልን ከምዘርብሕን ዳሓን እእምሮ ዘለዎ ክግንዘቦ ዘሽግሮ አይመስለንን። እቲ መኽሰብ ፖለቲካውን ፋይናንሳውን ኢዩ። ስለምንታይ ድኣ ተደጋጋሚ ጌጋታት ይፍጸም። መልሱ ምስጢር ናይ አደባብይ ኮይኑ ኢዩ ክተርፍ።

## ፖለቲካዊ መርገጽና ብዘየገድስ ሃገርዩ ዝጠምረና

ህዝብን መንግስቲን ከም ማይን ጸባን ክኾኑ ይግባእ። መንግስቲ ህዝቢ አክቡ ኢሉ ዘለኣኾም ፋሕ የብሉ ከይህልዉ ክንጥቀቐሎም አሎና። ከመይሲ ጻላእትና ዝስዕሩና ፋሕ እንተድእ ኢልናሎም ጥራሕ ኢዩ። ፖለቲካዊ መርገጽና ብዘየገድስ ሃገርዩ ዝጠምረና። ህዝባዊ ግንባር ነዚ መትከል እዚ ብግብሪ ሰሪሕሉን ከዐውቶ ወትሩ ጽዒሩን። እቲ ጸገም ግን አብ መንጎ እቶም ፍልልይ ዘይጻወሩን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ አብ ሓደ ዘንቢል ክጥርነፍ አለዎ ዝብል ዝንቡዕ መርገጽ ዘለዎምን ኢዩ።

ብፖለቲካዊ መግለጺ ብምልኡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ዘንቢል ክጥርነፍ ዘይከውን ኢዩ። ክሕሰብን ክህቐንን የብሉን። ተመክሮ ዘረጋግጾ ግን ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ፍልልያቱ ኣወንዚፉ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ኣብ ሐደ ዘንቢል ክጥርነፍ ጸገም የብሉን። (ነቶም ናይ ፖለትካ ፍልልይ የለን ዝብሉ ናይ ስልጣን ህርፉንን፣ ነቲ ሓደ ኣልጊስካ ክትክእ ምፍታትንን ንባዕሉ ፍልልይ ጌርካ ክውሰድ ኣለዎ) ክንዲ ዝኾነ ድማ ኢዩ፣ ነታ ብዝኾነ መዐቐኒ ክትመጣጠኖ ዘይትኽእል ኢትዮጵያ ስዒሩ ነጻነቱ ዝጨበጠን፣ ትማሊ ቅድሚ ትማሊውን ወያነ ዝፈነወሉ ወራር ዘፍሸለን።

## <u>መንግስቲ ጺን ክብል ኢህንሚህን ክንበሃህል ይግባእ</u>

ምልስ ኢልና ታሪኽ ዘይንውከስ። ህ.ግ እኮ ኣብ 70ታት ጸረ ገድሊ ተሰይማ ንሞት ተፈሪዳ ኢያ። ውሑዳት ዝንቡዕን ግጉይን ኣረኣእያ ዘለዎም ሰባት ንሞት ስለዝፈረድዋ ግን ኣይሞተትን። ኣይጠፍኤትን። እቲ ሞት ምስተሰግረውን ንምብትታናን ንምድኻማን ብዙሕ ጽዒሮም። ከምቲ ናይ ሽዕኡ ጸላኢታ ዝሓሰብዎ ኣይተባታተነትን። እኳድኣ ሓይላን ሰዊዳን ወጺኣ። ሃገር ኣውሒሳ። ብመሪሕነታ ነጻነት ክውን ጌራ። ህ.ግ ቀደምውን እንተኾነ ፍልልያትና ኣብ ጉዕዞ ከነጽብቦም ስለእንኽእል ቀዳምነት ምሉእ ሓይልናን ዓቕምናን ናብ ጸላኢ ይቕናዕ ኢያ ኢላ። ስሙር ግንባር ምኳኑ ኢዩ። ህ.ግ ኣብ ውልዶኣ ከላ ኣትፈልጠ ፖለትካን ዝሰርሓትሉ መትከልን ዳኣሞ ሕጂ ከመይ ይስወራ? ተሰዊርዋ ኣይመስለንን። እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ዝርኤ ዘሎን ንመንግስቲ ዘሸግሮ ዘሎን፣ ኣብ ብዙሓት ብኸምዚ ናትና ዝሓለፉ ሃገራትን ውድባትን መንግስታትን ተራእዩ ኢዩ። ርሑቕ ከይከድና ኣብ ሃገር ጋና፣ ኣብ ግዜ ንኩሩማ ነዚ ናትና ዝመስል ጸገም ኣጓኒፍዎ። ንሱ ብልቢ ንሃገሩን ምእንቲ ህዝቡን ለይትን መዓልትን እናጎየየ ከሎ፣ ከም ቁርዲድ ኣብ ሕንትሽቱሹ ለጊቦም ምስ ናይ ግዳም ጸላእቲ ተማሳጢሮም ዝነበሮ ራኢይ ከምዘበርዓንዎን ተኸሲቱ ዝነበረ ትስፍው መጻኢ ሃገረ ጋና ከምዘምከንዎን ይፍለጥ። ብርግጽ  ህዝቢ ውሕጅ ኢዩ፣ ማዕበል። ነዚ ከም ማዕበል ዝምሰል ህዝቢ ዋላውን ንጥቕሙን ንመጻኢኡን እናተጓየኻ፣ ኣብውሽጥኻ ኮይኖም፣ ነቲ ናይ ጽባሕ ጠቕሙ እንዳናኣሱ እቲ ግዝያዊ ጸገማቱ እንዳታዓባበዩ ተስፋ ክቑርጽዎን፣ ሸቐልቐል ከብልዎን ዝፍትኑ ኣለዉ። ከምኡ ስለዝኾነ እቲ እትሐስቦን፣ እትደልዮን ራኢ ዘይከስተባህለሎም ይኽእል ኢዩ። “ካብ ንዓመታ ደርሆ ንለብዘብን እንቋቑሖ እናልካ፣” መንግስቲ ዝገብሮም  ፕሮጀክትታት እንዳናኣኣስካ፣ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዉዱብ መሲልካ፣ ንህዝቢ መኣዝኑ ከምዝስሕት ክትገብሮ ከምዝካኣል ካብናይ ብዙሓት ተሞክሮ ክንመሃር ንኽእል ኢና። ግዝያዊ ጸገማት እንድተዓባበኻ ውሽጣውዊ ድጉል ስሚዒታትካን ድሌታትካን ብድሕሪ ህዝቢ ተኸውልካ ሓልዩ መሲልካ ሕሽኹሹኽ ልሙድ ይኸውን ኣሎ። እቲ ሕሽኹሹኽ ካብ ርእሰተኣማማንነት ዝጎደሎን ምናልባትውን ካብ ፍርሕን እንተኾይኑ፣ መንግስትና ጺን፣ ክብል፣ ኢህንሚህን፣ ክንብህሃል ይግባእ። ምኽንያቱ መብዛሕትና ናብ ሐደ ዕላም ብበበይኑ መንገዲ ንጓዓዝ ከይንህሉ። ንህንጸት ሃገር በይንኻ ዝኽየዶ ኣቛራጭ ዘሎ ኣይመስለንን። ዲሞክራሲ ድማ ብሰለትን ንቕሓትን ተሳትፎ ኩሉን ይሓትት።

## ስልጣን ንህዝቢ መገልገሊምበር ሕዛእቲ ኣይኮነን

ልክዕዩ ኣብ መንጎና ካብ 60ታት ኣትሒዞም ዝተሓቑኑ ግን ከአ ፈጺሞም ዘይጽዕዩ! ኣለው። ኣብ ፖለቲክዊ ጉያን ቁርቁስን ዘይረኸብዎ ቦታን ጽፍሕን ገለ ሰባት እናባረሩን፡ ንመንግስቲ ምስ ህዝቢ እናባኣሱን፡ ገለ ድማ ተጣበቕቲ ህዝብን መንእሰያትን መሲሎም፡ ሃገር "ብደናቁር" ትመሓደር ኣላ እንደብሉ ዘሸካዕልሉ፡ ሃገር ከፍርሱን ክብትኑን ከይደቀሱ ዝሓድሩ ኣለው። ነዚኦም ድማ ክነቕሓሎም ይግባእ።

እዚ ተርእዮዚ ኣብ ወጻኢ ብፍላይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ግኑን ይኸውን ኣሎ። እዚ ድማ እቶም "ንሕና ጥርሕ" ባሃልቲ፡ ደረት ልቦም እናደግደጉ፡ ሃገር ናቶም ጥራሕ ዝገብርዋ፡ ግን ኽመርሑን ክጥርንፉን፡ ዓቅሚ ዝጎደሎም፡ ዝፍጠርዎ ጸገም ኢዩ። ፖሎቲካዊ ዓቕሞም ድሩት ዝኾኑ ኽብድሁና ይኽእሉዮም ዝብልዎም እንዳባረሩ፡ ነቲ ቦታ ሕዛእቶም ክገብርዎ ሰለ ዝደለዩ ኢዩ። መንግስቲ ኣንቂልዎ ዘሎ ጭርሖ ምስቲ ዝገብርዎ ዘለው ዘሳኒ ኣይመስለንን። ህዝቢ ነንሕድሕዱ ተፈራሪሑ ኣይፈልጥን። ብጀካቶም ወትሩ ጉልባቦም ቀሊያም ዋላ ግብ ይበል ዝዓይነቱ፡ ጽቡቕ ካብ ሕማቕ ክፈልዩ ዘይክእሉ፡ ኩሉ ካልኦት ዝገብርዎ ጌጋ ኣምሲሎም ሃተው ዝብሉ ገዲፍካ፡ ህዝቢ ፈተውቱን ጸላእቱን ክመሚ ጸገም የብሉን። ኣይፈርሕንዩውን። ዝፈርሕ እንተዝኸውን ነታ ብዘይታኣደነ ሐገዛት ዓርሞሸሽ ዝኾነት ኢትዮጵያ ምስ ኣያታታ በይኑን ብዘይ ዝኾነ ሐገዛትን ክግጥማ ኢሉ ኣይምሃቐነን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዕ ላምኡ ኣፈርሕንዩ።

## ተዓበሱ ምባልውን ካብ ጠቕሙ ጉድኣቱ ይበዝሕ

ሎሚ ዳኣ እንታይ ተረኽበ? ስለምንታይ ኢና ሽልብ ግልብ ንብል ዝሎና ንመስል? "ይትረፍዶ ካብውለቀሰባት ኤርትራውያን ካብ መንግስታት ዘይፈርሕ መንግስቲ" ሒዝና ስለምንታይ ሰባት ንዝልፍን ነናእእስን። ኣብ ቅድሚ ሓያላት ንፍትሒ፡ ንሓቒን ግትር ዝብል መንግስት ሒዝና ካብ ደቂ ሃገር ክንፈርሕ ዝዓጀብዩ።

ውልቀ ሰባት ክናዓቑ የብሎምን። ክናዓቑ ስለዘይግባእ ድማየ ክጽሕፍ ዝግደደ ዘለኹ። ግንሲ ክሳብ ክንዲዚ ከነተዓባብዮዶ ይግባኣናዩ። ካብ ኣብ ኢንተርነት ምጽሓፍ ሐሊፎም ዘምጽእዎ ሃስያ ዘሎ ኣይመስለንን። እዚኣ ድማ እታ ዝተሐተት ኘኹሉ ክነፍቅድ ትግባኣና መሰልያ። ካብዚኣ እንተፈርሕናሞ ተዓቢስኩም፡ ተተኾሱ ክኾውን ኢዩ። ዳሐር ካኣኮ ካንዶ ዝህዝቢ ባሃም ቆጽርናዮ! እንተ ክሃስዩን ዘይክሃስዩን ህዝቢ ክዕዘቦም እሞ ምተገድፈ፡ ህዝቢ ኣንጻር ሃገር ኣንተድአ ኮይኖም ባዕሉ መባረሮም። ህዝቢዩ መን ክስጎጕ መን ዝይስጎጕ ዝውስን። ሃገር ናይ ህዝቢያ። እቲ ጉዳይ ድማ ናይ ህዝቢ ኢዩ። ስለዚ ህዝቢሞ ምተዓዘቦም፡ እንተድአ ከምቲ ዝተባህለ ናይ ወያነ ልኡኻት ኮይኖም ተጻራሪ ርኢይቶ ምስሃቡዶ ሰብ ባዕሉ ምኻዓቦም። ሕማም እንተነይርዎም፡ ወይውን መጋበርያ ጸላእትና እንተድኮይኖም ህዝቢ ኣጸቢቑ ምመመዮም ነይሩ። ኣብ ከምኡ ከይበጻሕና ባዕላዊ ስጉምቲ ምውሳድ ግን ውጽኢታዊ ኣይመስለንን። ክሳብ መዓስ ኢና ከምዚ እልና ክንቅጽል። ክሳብ መዓስ እዚ ቅዱስ ዘይኮነ ተግባራት? ትማሊ ነቲ ሐደ ሎሚ ነቲኻልእ፡ ጽባሕ ነዚም ሕጇ ትስጉ ዘለኹም። ኣብ ቅንዕና ዝይተመርኮሰ ዘይቅዱስ ስራሕዩ!

## ዝተፈላለየ ርእይቶታትና ጽጋታትናዩ

እዞም ሎሚ ዝሰጎጉ ዘለዉ እቶም ቅድሚ ትማሊ ዃኻልኦት ዝሰጉ ዝነበሩ ኢዮም። ኢድ ሽናሒት ጸናሕት ክንብሎም አይግባእን። ጌጋ ብጌጋ ስለዘይድበስ። ዃኻይጋገዩ ክንምህርን ክንመርሕን፣ ንዝተጋገዩ ክንእርምን ክንምዕድን አብ መስርዕ ሓፋሽ ክንመልስን ይግባእ። ምኽንያቱ አብ ጉዕዞ ቀጻል ረጅሚ ስለዝህሉን ከምኡ ከይገበርና ክንምዕብል ስለዘይኽእልን። መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ጽቡቕ ጥራሕ ክንዛረብ ዘይካአል ኢዩ። እቲ ጽቡቕሞ ጽቡቕዩ። ብዛዕባቲ ዝጎደለናን ተርሪፉና ዘሎ ዘይገበርንዮን እንዳልዓልና ምዝራብ ጠቓምን መኤርረምታንዩ ዝኾነና። ርእይቶታትና ኩሉ ግዜ ተጋራጫውን ዝተፈላለየን ክኸውን ድማ ባህርያዊ ኢዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ክንቃናጻል ክንዋናጀልን አይግባእን። ምቅንጻል አብ 80ታት አኺትሙ ኢዩ። ልዕ ሊኩሉ ድማ አሜን ዝብል ሰብን፣ ብቐሊሉ ዝርዕምን ፋይዳ የብሉን። ክልተ አግራብ ምስ ዝፈሐፍሑ ኢዮም ሐዊ ዝፈጥሩ። ንሕና ድማ ተፈሓፊሕና እንፈጥሮ ሃልሃልታ ባርዕ ንጥፍኦትናን መንደዲናን ዘይኮነስ፣ ንሃገር ዝኸውን ብርሃን፣ ህዝብና ሞይቑ ክሓድር ዘኽእል ክኸውን አለዎ። ናህሪ ሙቐቱ ድማ ጸላእትና ዘርዕድ።

## ምስመን ንተርፍ አሎና

ሰለምንታይ ኢና ሰባት እንታይነቶም ብዘየገድስ ንዓና መሲሎም እንተኸይዶም አሜን እንተይሎምን ፈተውቲ ሃገር ዝኾኑ? ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ከምጽኡ ከለውን፣ ክእርሙ ዝፈተኑን ንንጽሎምን ናብ ተዋጋኢት ላም ንቕየርን!

ትማሊ ከም ከልቢ ውጹ ኢሎም ዝሰጉና ዘነበሩ ሎሚ ንርዳእ ምኽንያትን ዘይጠቅም ሰናትም ስለዝደርበዩልና ክሕቆፉን አገናዕ ክንብሎምን እቶም ዳርጋ ሐደ እግሮም ናብ ጉድጓድ ክስብ ዝቀርብ ዝተቓለሱ ክዝለፉን፣ ስለምንታይ? መልሲ ዘለዎ እንተሎ ክሰምዕ ደልው አለኹ። ብርግጺ ስለቶም ጉልባቦም ቀሊያም ጸረ ሃገር ዝኾኑ፣ ወይ ክኾኑ ዝመረጹ ይዛረብ የለኹን። ናብቲ ናይ ሃገረ - ጋና አብነት ምስ ንምለስ፣ ውልቀሰባትዮም ምስ ናይ ወጻእ ሓይልታት ተመሻጢሮም ነታ ጀሚራ ዝነበረት ቀንዴል ብርሃን ግብ አቢሎማ። ካልእ ምስጢር አይነበሮን። እቶም ናይ ወጻኢ ሓይልታት ንመንግስቲ ንኩሩማ ስለዘይደለይዎ፣ ምስ ውሑዳት ወይጠታት ተሻሪኾም ካብ ስልጣን አልጊሶሞ። ስለዚ ውልቀሰባት ተአኻኺቦም ንጠቕሞም ክሽየጡ ከምዝኽእሉ ክዝንጋዕ አይግባእን። ክንመሚን፣ ዝያዳ ከነጽንዕ ይግባእ። ብታሃውርን ብድሩታት ዓቕሚ ብዝተአከበ ሓበሬታት ሰባት ከይንብድል ክንጥንቀቕ አሎና። ህዝቢ ኤርትራ ብጓኖት ዝተበደሎ ይአኽሎ። ተአሪሙ ዝተመልሰ አይንቀብል አይበልኩን። ምስትብሃል ግን ከድልየናዩ።

## ዘሕለፍናዮ ምረት ምእንቲ ፍትሒዶይኮነን

ስለዚ አብ ግዜ ገድሊ ዝሓለፈ ቁርቁስ ሎሚ አብ መበል 21ን ክፍለ ዘመን ክንድግሞ ዘሓፍርን፣ ዘነውርንዩ። ሰማዒ እዝኒ እንተሎ ዓገብ ንብል አሎና። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ መሰሉ ስለዝተሓረሞን አፉካ ተለጎም ምስተባህለንዩ በረኻ ዝወፈረ። ነጻነቱ ንምርግጋጽ መሰሉ ክኽበር፣ ሓራ ክኸውን። እንታይ እዋንዳአሉ እቲ ምረት ተረሲዑ። ፈረድቲን ደያኑን ውሑዳት፣ ተፈረድትን ክሱሳትን ብዙሓት

ከይንኽውን ጥንቃቐ ከድልየና ኢዩ። ሃገር ዝክሓደ ክፍረድ ግድንዩ! ምስ ጸላኢ ኮይኑ ሃገርን ህዝብን ዝብድል እንተሎ፣ ክፍረድዩ! ትማሊ ሎሚ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዓስቢ ክሕደቱ ክረክብ ግድንዩ። ግን ብሓቅን ቅንዕናን። ከመይሲ ህ.ግ በትሪ ሓቂስ ትቐጥንምበር አይትስበርን ስለእትብል። እዚ አበሃህላዚ ንፖለትካዊ ሽፈጥን አብዘዝጥዕመናን ክንጥቐመሉ አይኮነን። ብመሰረቱ ሐቕን ቅንዕናን ሒዝና፣ ፍትሒ ምንጋስ ሰለዝኮነ ዕላማናዩ። ሐቂን ፍትሕን ንምንዳይ ድማ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ተገፊዕና ኢና።

## ረኺብናዮ ዘሎና ነጻነት ማዕረዩ ዝብጽሓና

እዞም ሎሚ ብሽርሕን ጉርሒን ነቛናጽቦምን ነናእእሶምን ዘሎና እቶም ትማሊ ወግዓውያንን ሕጋውያንን ወከልቲ ኢልና ዝመዘዝናዮም ኢዮም። ሎሚ ዳአ እንታይ ተረኽበ? መልሱ ነቶም አዘዝተን ፈጽምቱን ዝምልከት እኳ እንተኾነ ምስትብሃል ከድልየናዩ። ጽባሕ ንዓይውን ከምአ ኣንዳልና ወትሩ አብ ራዕድን ፍርሕን ክንነብር ከቶ ታርኽና አይፍቅዶን ኢዩ። ታርኽና ታርኽ መስዋእትን፣ ገድሊ ንመሰልን ሓርነትን ኢዩ! ረኺብናዮ ዘለና ናጽነት ዝያደ ሐደ ነቲ ካልእ አይብጽሖን ኢዩ። ምኽንያቱ ዋጋ ደቒኹምን፣ ዋጋ ቀያሕቲ አሕዋትኩምን ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ንግብር ጥራይ ኢና ዘሎና። ንምንታይ ንግብር ኢልና ክንሓትት ከድልየና ኢዩ። አብ ዓዲ ጓኖት ከሎና መሰልና እንተድእ ዝንፈገና ሃልዩ፣ አብቲ ከምድላዮም ዝቖጻጸርዎ ድኣ እንታይ ክንከውን ኢና ክንብል አሎና? አብ መመደቐሲና ኮይና ከነስተንትኖ ዘሎና፣ ሽለል ዘይባሃል ጉዳይ ድማ ኢዩ።

## ፖሎቲኮ 40ታት ያዕ ንበሎ!

ብርግጽ ነዚ ጽሑፍይ ዝሽቅጥሉ አይክሰአኑን ኢዮም። ካባና ፍልይ ዝበለ ኣራእእያ ዘለዎ አይኤርትራውን ኢዩ ዝዓይነቱ ስኒብለይ ዓይኒብለይ አካይዳ እንዳሓደረ ክሃስየና ይኽእል ኢዩ። ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ነንሕድሕድና ምውንጃል እቲ ሐደ ልዕሊ እቲካልእ ኤርትራዊን ታሓላቒ መንግስትን ወይ ሃገርን ክንከውን ንፍትን አሎና። እዚ ጸላእቲ ህዝቢ ኤራትራን መጋበርያታቶም ውሑዳት ደቂ ሃገርን ውሽጢውሺ ዘንፍስዎ፣ ንሕና ድማ ከይተረደእና ንዘርዎን ነንበድብዶን አሎና። ሎሚ ጊዜ ውድበይ ዉድባካ አይኮነን። ዝኸፈልናዮ ዋጋን መስዋእትን ከመይአቢልና ንርስዖ። ሎሚ ግን ግዜ ሸቐጥን ሽፈጥንውን አይኮነን። ጊዜ ስራሕን ሃልክንዩ። ጊዜ ፍጹም ስምረት ብአካል፣ ስሙርግንባር ብፖለቲካ፣ ኩሉ ንድሕነት ሃገር። ጸላእትና ንመንግስትና ጥራሕ ዘይኮኑ ንሃገርናን ህዝቢን ምስ ገበርቲ ሽበራውያን ክሰርዑና ከውደኽድኹ ንዕዘብ አሎና። ውሑዳት ደቂ ሃገርውን እንተ ብፍላጥ፣ ንረብሐ፣ እንተስ ተላኢኾም ታቤላታቶም ዘርጊሖም ኤርትራ ቶሪሪስቲያ እናበሉ አብ ዝግበር ናይ መንግስቲ ኣኼባታት ትፋእ ጸላእትና ክልሕሱ ይራአዩ አለው። ልክዕ ንምኳን ህ.ግ.ደ.ፍ ኢዮም ዝብሉ። ግን ከየጋግዩና! ገድሊ→ ተጋድሎ → ጀብሃ → ህ.ግ.ሓ.ኤ → ህ.ግ.ደ.ፍ → መንግስቲ = ኤርትራ = ህዝቢ ኤርትራ፣ ንምድጋሙ ሐደ ኢዩ። ፍልልይ የብሉን። ፈላሊኻ ግዛእውን አብ 40ታት አብቂዑ ኢዩ። ንምድህላልና ዝተሃንደሰምበር እቲ መልእኽቲ ዘይሩ ዘይሩ እወ ህዝቢ ኤርትራ ቶሪሪስት ኢዩ ኢልካ ብኢድአዙር መልእኽቲ ጸላእትና ምቕላሕ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ካብ መንግስቲ ጠለባት እንተለዎም ሃገር አሕሊፉካ ብምሃብ ዘይኮነስ ንሃገር እንዳተኻሻሸልካ

ክኸውን ይግባእ። እቲ ዝጠልብዎ መብዛሕትኡ ሓለፍታቶም አይኮነን። ሕጂ ልዕሊ ኩሉ ዝሰራዕ ግን ወያነ ስለዘሎ። ወያነ ንጥፍአትና ተዓጢቑ ስለዘሎ። ማዕረማዕሪኡ ንገለ ውሑዳት ብድሕሪ ወያነ ተሐቢኦም ሃገር ይብድሉ ክይህሉው ምስትብሃል ከድሊዩ።

## <u>ጸገም ሓጻርያ</u>

አብቲ ቅድም ቀዳድም ሃገር ምድሓን ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ኩላትና ክንሰማማዕ ይግባእ። እዚ ጭርሖ ዚ ጭሮሖና ኢዩ። ጭርሖ ህዝቢ! አብዚአ ኩላትና ምስ መንግስቲ ክንሰራዕ ይግባእ። ክንጭሮሖ ዝጽናሕና ስለዝኾነ ንምዕዋቱን አብ ዝኾነ ንሃገር ዘድልን፣ ክንቃለስ ድልዋት ክንከውን ይግባእ። ሃገር ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነት። ሃገርና እንተውሒሳና ኢና ብዛዕባቲ ኩሉ አብ ውሽጣ ዘሎ ክንዛረብ ንኽእል። ስለምንታይ ከምኡ ይኽወን አሎኳ አረዳደአና በበይኑ እንተኾነ፣ መንግስቲ ኩሉ ውሽጣዊ ነገራት አወንዚፍዎ ዘሎ ይመስል። ስለዚ መንግስቲ ዘሐዘ ሒዙን ነዛ ጸባብ ትመስል ዘላ ጊዜን ርእዩ ከምዘይራአየ ሰሚዑ ከምዘይሰምዐ ምእንቲዛ ሃገር ይጓየ አሎ። አብ ውሽጥና ዘሎ ዘይምዕሩይ ነገራት ክንጽመሞምን አብግዚኡ ክንፈትሖምን ዝብል አረአእያ ተጻውርነትናን ትዕግስትናን ዘጸንቅቐናን ይመስል አሎ። ነዚ ዘስተባሃሉ ኀሐሉ ከዳፍኡና ይኽእሉ ይኹኑ፣ ግን ፍትሒ ምንጋሱ ዘይተርፍዩ።

ካብዝሰማዕናዩ ኢዩ፣ አብ መፋርቕ 80ታት ሐደ ካብ ልዕላዎት ሐለፍቲ “ሎሚ ንመሰልኩም እንተዘይተቓሊስኩም ጽባሕ አብ ፖላሶ ምስተሰቕሉ አይተርክብዎምን ኢኹም፣ ከተውርድዎም ድማ ክጸግመኩም ኢዩ፣” ኢሉ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ንቡይ ይመሰል ግን ክንርዕሞ አሎና ማለት አይኮነን። ሽዕኡ ከምኡ ክብል ከሎ ማዕረማዕረ ምስቲ ብረታዊ ቃልሲ ንመሰልኩምውን ክትቃለሱ አለኩም ማለት ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ሕጂውን ሃገር ቅድሚ ኩሉ ሰሪዕና ንመሰልናን ክብርናን፣ ንፍትሒ፣ ክንቃለሰ መባእታዊ መሰልና ኢዩ። ነዚ ዝሕርመና ድማ ጊዚኡ ምስአኸለ ኢድ ንኢድ ተታሒዝና ክንምክቶ ከድልየና ኢዩ። እንተኾነ ሃገርን ህዝብን ረሲያም ዕዲሚኦም አብ ምቑጻር ዝአተው አለዉ። ዕድሚኦም ከይሐለፈ ሰልጣን ክጭብጡ ምእንቲ ስም ሃገር ክድውኑን ናብ ስልጣኖም መደያይቦ ክገብሩናን ንዕዘብ አሎና። ብጀካ ሕጊ ኦሪት ካልእ ዘይራአዮም ረቺብናዮ ዘሎና ከይስእኑና ክነቕሓሎም ይግባእ። ከምይሲ ብጀካ ስልጣን ክልእ ዝረአዮም የለን። ከይትግርሁ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ቅጫን ሰላምን እምበር ምርጫን ናይሰባት ምቅይያርን ይጠልብ የሎን። ንሱን ደቁን ሞይቑ ዝሐድራላ አጉዶን፣ ሰላምን፣ ጥራሕዩ ናፊቑ ዘሎ! እወ ሰላም ክሳብ ክንደይ ጥዑም ከምዝኾነ አብተን ውሑዳት ናይ ሕጽኖት ዓመታት፣ ማለት ክስብቲ ወያነ ኵናት ወሊያም ሰላሙ ዝዘረጉሉ ሰለዘስተማቐራ።

ስለዚ ንግዚኡ ኩሉ ክውንዘፍ ግድንዩ። ምእንቲ ድሕነት ሃገር። ተመሳሳሊ ማዕረማዕሪኡ ሰባት ከም መወጽ መመዊጽካ ምድርባይውን ከኽትም አለዎ። አብዚ ዘለናዮ ዓለም ተራ ሰባት ዘይኮኑ ከም መወጽ ዝኀሓፉ ፓለቲካውያን መርሕቲዮም ብምርጫ ዝኀሐፉ። ልክዕዩ አብ ሃገርና ገና መስርሕ ናጽነት ስለዘየብቀዐን፣ ዱልዱል ቁጠባዊ ሰረት ስለዘይጸንሓን፣ ትዕግስትን ነዊሕ ጉዕዞ ዝሐትትን ኢዩ። ይኹንእምበር ልኡኻት መንግስቲ ይኹኑ ስሩዓት ሓልፍነቶም ዘንጊያም አብርእሴና ከሽካዕልሉን፣ ከም ከልቢ እንተደልዮም ክጽውዑና እንተደልዮም ክሰጉና ከነፍቅድ አይግባእን።

ህዝቢዩ መን ክሰጎግ መን ከምጽእ ወይ ክጸንሕ ክውስን ዘምሕረሉ። ሕጊ ደማ ንዘበደለ ብማዕረ ይቐጽዕ። ስለዚ ህዝቢ ንመንግስቱ ከም ኣምላኽ ይሰግደሉን፡ ከም ቦኽሪ ውላዱ ይከናኸኖን ኣሎን ጸኒሑን። መንግስትን ልኡኻት መንግስትን ብዝወሐደ ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ ክልግስሉ ይግባእ። ዓጸፌታ እንተበልኩስ ኣብዚሕካዮ ከይባሃል።

## ክርህወና እኮዩ

ኩነታት ወያነ ዝፈጠሮ ዝለናዮ ሃዋህው እንዳመዝመዙ ኣንፈት ጉዕዞና ከየስሕቱናን፡ ከምኡ ድማ ህዝብ ከዳፍኡ ዝደልዩን ሓለይቲ መሲሎም ህዝቢ ክብድሉን ድሕር ዘይብሉ ስለዘለዉ ግን ማዕረቲ ቀዳማይ ጸላኢ ኢንብሎ ወያነ ክንምክቶም ከድልየና ኢዩ። ዘሎን ዘይሎን ጸብጻብት ኣኻኺቦም መንግስት ከየጋግይዎን ዘየድሊ ስጉምቲ ከይወስድን፡ ህዝቢ ከይብደልን፡ ፍትሒ ከነንግስን ጉድለታት ክንሕብርን ንዝጎደለ ክንምልእ ክንተሓባበርን ከድልየና ኢዩ። ምኽንያቱ ምስ መንግስቲ ዘለው መሲሎምን እሙናት ብምምሳልን ከም ፍልሖ ውሽጢ ውሽጢ ከይንቅዙናን ከይሸኹቡኹናን ክንጥንቀቕ ይግባእ። ዝገበሩ ገይሮም መንግስቲ ዝላኣኸና ኢና ንገብር ዘሎና ክብሉና ስለዝኽእሉ። ኣብ ብዙሐት ብኸምዚ ናትና ዝሐለፉ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ነቶም ሃገራዊ መርገጽ ዝነበሮም መራሕቲ ዕሱባት ደቂ ሃገርዮም ምስ ጓኖት ተማሳጢሮም ዕንቅፋት ዝኾንዎም ዝነበሩ። (ኣብ ከም ጓቲማላ፡ ፓናማ፡ ቺለ፡ ኒክራጋዋ፡ ወዘተ፡ ከምኡውን ኣብ ግዜ ሞስዲቕ ኣብ ኢራን ኣብ መወዳእታ 1950ታ)። ስለዚ ዘየሎ ስሚዕታት እንዳቐስቀሱ ምስ ሃገርና ከየቃሐሑሩና ክንጥንቀቕ ይግባእ። ህ.ግ ሐይሊ ፍትሒ ተንግስ ክትብል ከላ ናብ ህዝብን ፈተውታን ዝቐንዐ ኣይነበረን። በትርን ሐይልን ንዓመጸኛታትን ዘይናቶም ዝደልዩ ጓሐሉን ኢዩ። ስለዚ ሐይልና ንጸላእትናን መጋበርያታቶምን ኢዩ። ካብ ርሑቕ ነታ ናትና ክወስዱ ዝመጣጠሩ እእዳዎም ክቕርሰሙ ናይ ግድን ኢዩ። ካብኡ ሐሊፉ ግን ሰብ ኣባትር ዘይኮናስ ሰብ ሕጊ ምኻና ከነርድእ ይግባእና። ነንሕድሕድና ትንዕ ንብለለን ኣባትር ኣብ 80ታት ሰባቢርና ድርቢናየን ኢና ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎኒ። ብዕውርን ክቱር ውልቃዊ ጽልእን ተበግሲካ ንሰባት ዝገበርዎ ኣበሳ ዘይብሎም ክንሶም ንሃገርን ህዝብን ክምዝበደሉ ኣምሲልካ ምስሎምን ታሪኾምን ምድዋን ደኽመትምበር ምስ ካልእ ክቘጸር ኣይክእልን ኢዩ። በቲ ኻልእ ሸነኽ ድማ ብሕዱር ጽልኢ ቅርሕንትን ዝኽርሐነ ልቦም፡ መመርሐምና ናብ ጸላእትና ክሳግሙ ድድሕሪኦም ከይተፈለጠና ዞኽዞኽ ንብል ከይንህሉ ክንጥንቅቕ ይግበአና። ክካሐድ ዘይግበኦ ሃገርና ብዝዓቕማ ምስኩሉ ጸገማት ሕጽረታትን ናብ ጽንዑን ጥጡሕን መጻኢ ተተይ ንብል ኣሎና። እቲ ኩሉ መስውእትን ገደልን ምረትን ምእንቲ ፍትሒ ራህዋን ስለዝነበረ ክርሁ ምኧኑ ግን ኣይትጠረጠሩ።

## ህዝብን መንግስትን ይበትክዎ ከይህልዉ

ስለዚ ህዝቢ ክዋሳእ ክኽእል ኣለዎ። ኣማዕዲኻ እንታይዮም ዝገብሩ ዘለው ካብምባል ኣብውሽጦም ክንዋሳእን፡ ክንብድሆምን ክንክእል ኣሎና። እቱም ሰባት ተዓዘቡባ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዚ ህዝቢ ኣበይ ኣሎ? ታሪኽ እንዳደምሰስካ ሓድሽ ታሪኽ ክትምህዝ ኣይግባእን። ናይ ትማሊ ዝይፈልጥ ናይ ሎሚ ክፈልጥ ኣይክእልን፡ ናይ ሎሚ ከይሐዘ ድማ ንናይ ጽባሕ ክትግብር ኣይክእልን። ናይ ትማሊ ታሪኽ በቶም ትማሊ

ዘነበሩዩ ተፈጺሙ። ትማሊ ዘነበሩ ከምዘይነበሩ ክትሓኮም ምፍታን ልዕሊዚ ምስሎም ምድዋንን ነቲ ምስኦም ዝተአሳሰር ታሪኽ ክትስርዞ አሎካ ማለት ዲዩ? ትማሊ ነታ ኤርትራ ትብል ከድምጽዋ ዝፈርሑ ዝነበሩ ሎሚ ገበርትን ሐደግትን ኮይኖም ንዕዘብ አሎና። መንግስቲ ኅስኅስ ግበሩ ምስ በለድማ ብዘይስሩዕ ፍትሕን ሐቅን ዝኅደሎ፥ ካብ መስርሕ ፖለቲካ ብዝረሓቐ ክሰርሑ ንዕዘብ አሎና። ሃገር ብሌላን ጉሌላን አይትፍወስን ኢያ። ሃገር ናይ ኩሉ,ያ። ኻኹል,ያ። ብርግጽ ዝነበረ ክሓልፍ፥ ዝአረገ ከዐርፍ፥ ዝደኸመ ክብረ፥ ግድን ኢዩ። አብ ምትኽኻእ ክንአምንን ከምኡ ክንገብርን ይግባእ። ሰኾሩ ዝነበር ክበራበር፥ ካብ ሕሉፍ ጌጋታት ይቐረ ክንብል ባህርያዊ ኢዩ። አብ ዓዲ እንግሊዝ ግን ምትኽኻእ ብሽርሕን ጉርሕን ኮነ ኢልካ ዝግበርን ክኸውን ጸኒሑን ይኸውን አሎን። ዘዝመጹ ነናቶም ፖለትካዊ ቅዲ ሒዞም ብምምጻእ አብ ክንዲ ብሃገርዊ ቅንዕና ብጃንዳን ውዲትን ህዝቢ ይኅዛዝይዎ ከይህልው ምስትብሃል ከድሊ ኢዩ።

ህዝቢ ምውዳብ አብዩ ኣንዳበሉ ናይ ሓሶት ጸብጻብ የሕሉፉን ታሪኽ ሰባት ብሐሶት ይብልሉን የባላሽዉን አለው። ሓፋሽ ክጥርንፍዎ ሰለዘይካአሉ ሓሲዶም እንዳበሉ አስማት ሰባት ከጸልሙን ከነውሩን  ንስምዕን ንዕዘብን አሎና። አብ ቅድሚ ቪድዮ ካሜራ ካብ ምውድኽዳኽ ሐሊፎም ቅንጣብ ዘየበርከቱን ከበርክቱ ዓቕሚ ዘይብሎምን ህዝብን መንግስትን ይበትክዎ ስለዘለው መንግስቲ ከስተባህለሉ ይግባእ። እዚድማ አብቲ ምንቅስቓስ ምስኦም ክህሉዉ ዘይደልይዎም አለዉ፥ ምኽንያቱ ንሳቶም እንተሃልዮም ንህላዌኦም አስጋኢ ገይሮም ሰለዝርእይዎም። ሕሉፍ ሓሊፎም ሎሚ ንሰባት ብዝወዓልዎን ዘይወዓልዎን ክስን ጸለመን ይጥቅንዎምን፥ አብዘየድሊ ምትህልላኻት ይደፉፍእዎምን አለው። ንረብሐኦም ተኾይኑ እንዲዒምበር፥ ብርግጽ ንረብሓ መንግስትን ሃገርን ግን አይመስለንን።

ዓወት ንሓፋሽ

መኮነን ዓንተራይ

10/12/2007 ተጻሒፉ